SANDEFJORD KOMMUNE

# I BARNEHAGEN SAMMEN

## Informasjon til foreldre med barn i barnehage i Sandefjord



TIGRINJA

Denne brosjyren er utarbeidet i Sandefjord kommune gjennom prosjektet «I BARNEHAGEN SAMMEN». Prosjektet er finansiert av Utdanningsdirektoratet og har som mål å øke andelen minoritetsspråklige barn som går i barnehage.

Takk til prosjektgruppa for gode diskusjoner om hvilke temaer som burde være med.

Tusen takk til styrerne i Elverhøy barnehage, Barnas Have (sentrum), Prestekragen / Krokusen barnehage og Bugården / Kapteinløkka barnehage for grundig gjennomlesning og gode innspill.

Sandefjord, august 2020

Tove C. Kittelsen (prosjektleder)

# ኣብ መዋእለ-ህጻናት ብሓባር ኣለና
## ሓበሬታ ንኣብ መዋእለ-ህጻናት ሳንደፍዩርድ ዝኸዱ ቆልዑ ዘለኩም ወለዲ

ኣብ ኮሙናዊ ወይ ብሕታዊ መዋእለ-ህጻናት ዝኸይድ ውላድ ዘለኩም ወለዲ እዩ እዚ ሓበሬታ ዝምልከተኩም። ኣብዚ መዋእለ-ህጻናት ዘለዎም ገደባት፡ክብርታት፡ ኣወዳድባን ትሕዝቶኦምን ክግለጸልኩም እዩ። ቅሩብ ውን ብዘዕባ ተደጋጋሚ መደብን ኣሰራርሓን መዋእለ-ህጻናት፡ ከምኡውን ናይ ሎሚ ዓመት መዋእለ-ህጻናት ከመይ ከምዝኸውን ቅሩብ ጽሒፍና ኣለና። ቀጺልና ውን መዋእለ-ህጻናት ከም መሰጋገሪ መድረኽ ንቤት-ትምህርቲ ከምኡ ውን ቆልዑ ንኽሕወሱ ዘንጽሮ ባይታን ኣብ ሕብረተ-ሰብና ዝጻወቶ ኣገዳሲ ተራ ክንገልጸልኩም ንደሊ። ከም ተወሳኺ ኣብ መንገ መዋእለ-ህጻናትን ስድራ-ቤታት ናይቶም ቆልዑን ዘሎ ዝምድና ኣገዳስነቱ ከነስምረሉ ኢና።

ኣብ ኖርወይ ካብ ዝርከቡ ቆልዑ ብምሉኦም ኣስታት 92 ሚእታዊት ኣብዚ እዋን እዚ መዋእለ-ህጻናት ይኸዱ ኣለዉ። ኣብ ገሊኦን ሃገራት መዋእለ-ህጻናት ዘይምኻድ ልሙድ እዩ። ከምኡውን ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ዝርከቡ መዋእለ-ህጻናት ኣብ ብዙሕ ዓውድታት ብዙሕ ፍልልያት ክህልወን ይኽእል እዩ። ኣተኣላልያን ኣተዓባብያን ቆልዑ እንታይ እዩ ብቑዕ ዘብሎ ባህሊ ናይቲ ሕብረተ-ሰብ ወሳኒ ተራ ክጻወት ይኽእል እዩ። ቀጺሉ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ዘሎዉ ሕብረተ-ሰባት ኣብ ወለድን ቆልዑን ዘሕድሩዎ ትጽቢታት ይፈላለ እዩ።

እዚ ጽሑፍ እዚ ብፍሉይ ኣብ ንኡሳን ቋንቋታት ዘለዎም ወለዲ1 ዘቶኮረ ኮይኑ፡ መዋእለ-ህጻናት ኖርወይ ብሓፈሻን መዋእለ-ህጻናት ሳንደፍዩርድን ብፍላይ መለለዪኦን እንታን ከምዝኾነ ተገሊጹ ኣሎ። እዚ ሓበሬታ ብምሃብ ዘለና ትጽቢታት ከነንጽረልኩምን ኣብ መንገ ወለድን መዋእለ-ህጻናትን ዘሎ ምትሕብባር ንኽደላደልን እጃምና ከነበርክት ንደሊ።

### 1. ስርዓተ ውጥንን ክብርታትን መዋእለ-ህጻናት

<u>ሕጊ መዋእለ-ህጻናት</u> (ሊንክ ፣ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ሰነድ ርአ) ብሃገራዊ ባይቶ ዝተወሰነ ኮይኑ፡ ብምሉኦን መዋእለ-ህጻናት ኖርወይ ትሕዝቶኦንን ዕማማተንን በዚ ሕጊ እዮም ዝቕየዱ። ኮሙናውን ብሕታውን መዋእለ-ህጻናት ብሓደ ሕጊ እየን ዝቕየዳ። ኣብ ሕጊ መዋእለ-ህጻናት § 1 ቀንዲ ዕማም መዋእለ-ህጻናት እንታይ ከምዝኾነ ጽቡቕ ጌሩ ተገሊጹ ኣሎ:

*«መዋእለ-ህጻናት ምስ ስድራቤታት ብምትሕብባርን ብምርድዳእን ቆልዑ ንኽእለዩን ንኽጻወቱን ዘድልዮም ዘበለ ከማላኣሎምን፡ ከምኡውን ፍልጠት ንኽቕስሙን ምሉኣውነት ዘለዎ ምዕባለ ንኽህልዎም መሰረት ከምዘንጸፈሎም ክገብር እዩ».*

ኣብ ሃገራዊ ስርዓት ውጥን መዋእለ-ህጻናት (ሊንክ 2) ትሕዝቶ መዋእለ-ህጻናትን ዕማማቶምን ብዝነጸረ መልክዕ ተቐሪጾም ኣለዉ። ኣብዚ ዕዮ መዋእለ-ህጻናት ኣብዘም ዝስዕቡ ክብርታት ክሙርኮስ ከምዘለዎ ተጻሒፉ ኣሎ፡ ደሞክራሲ፡ብዙሓውነትን ክልተኣዊ ክብረትን፡ማዕርነትን ማዕረ ክብሪ ንኩሉ ሰብን፡ ዘላቒ ምዕባለ፡ ምልከት ሂወትን ጥዕናን።
ኣብ ሃገራዊ ስርዓት ውጥን ኣየኖት ዓውድታት ፍልጠት ኣብ ንጥፈታትን መደባትን መዋእለ-ህጻናት ክኣትዉ ከምዘለዎም ተገሊጹ ኣሎ :

- ምዝርራብ/ምርድዳእ፡ቋንቋን ጽሑፍን
- ሰውነት፡ምንቅስቓስ፡መግብን ጥዕናን
- ስነ-ጥበብ፡ባህልን ተበላሓትነትን፡
- ባህሪ፡ኣከባብን ተክኖሎጅን
- ቁጽርታት፡ህዋን ቅርጽን
- ስነ-ምግባር፡ሃይማኖትን ፍልስፍናን
- ኣከባብን ሕብረተ-ሰብን

---

1 ንኡሳን ቋንቋታት ዘለዎም ክበሃል ከሎ ካብ ኖርወየኛ፡ሳመኛ፡ሽወደነኛ፡ ቋንቋ ዳንማርክን እንግሊዘኛን ዝተፈልየ ቋንቋ ዘለዎም ማለት እዩ።

መዋእለ-ህጻናት ናይ ገዛእ ርእሰን ሕግታት ኣለወን፡ ገለ ካብኡ ድማ ንዝጅምሩ ቆልዑ፡ክፍሊትን ንተሳታፍነት ወለድን ዝቕይዱ ሕግታት እዮም። እዘም ሕግታት ኣብ መንጎ መዋእለ-ህጻናትን ወለድን ዘሎ ውዕል ስለዝኾኑ ነዞም ሕግታት እዚኦም ምንባብን ምርዳእን ኣገዳሲ እዩ።

ከም ተወሳኺ መዋእለ-ህጻናት ዓመት ዓመት ዓመታዊ ውጥን ይሕንጽጻ እየን፡ እዚ ሰነድ ድማ እቲ ቀንዲ ኣገዳሲ ስነ-ምህሮኣዊ ሰነድ እዩ። ዓመታዊ ውጥን ንመዋእለ-ህጻናት መሳርሒ ናውቲ ኮይኑ የገልግል፡ ከምኡውን ወለዲ ኣብ መዋእለ-ህጻናት ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት እንታይ ይግበር ከምዘሎ ሓበሬታ ይረኽቡሉ። ከም ተወሳኺ ገሊኣን መዋእለ-ህጻናት ንሕጽር ዝበለ እዋናት ዝጥቀማሉ መደባትን ፕሮጀክታትን ክሕንጽጻ ይኽእላ እየን።

## 2. መዋእለ-ህጻናት ኣብ ሕብረተ-ሰብና ዝጻወቶኦ ተራ

መዋእለ-ህጻናት ምኻድ ግዴታዊ ኣይኮነን፡ እንተኾነ ግና ኣብ ጉዕዞ ትምህርቲ ንመዋእለ-ህጻናት ከም ቀዳማይ ደረጃ ኢና ንርእዮ። ኣብ ኖርወይ ካብ ዝርከቡ ቆልዑ ብምሉኦም ኣስታት 92 ሚእታዊት ነዊሑ ድዩ ሓጺሩ መዋእለ-ህጻናት ይኸዱ እዮም። ኣብ መዋእለ-ህጻናት ዝኸዱ ንኡሳን ቋንቋታት ዘለዎም ቆልዑ ብጽሒቶም ቅሩብ ትሕት ይብል፡ ማለት ኣስታት 82 ሚእታዊት እዮም፡ እንተኾነ ግና ካብ ዓመት ናብ ዓመት ቁጽሮም እንዳዛየደ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ኣብ መዋእለ-ህጻናት ዝኸዱ ቆልዑ ካብ መዋእለ-ህጻናት ከይዶም ዘይፈልጡ ቆልዑ ኣብ ትምህርቲ ዝያዳ ከምዝግስግሱ ብመጽናዕቲ ተረጋጊጹ እዩ።

ብፍላይ ኖርወየኛ ዘይኮነ ቋንቋ-ኣደ ዘለዎም ቆልዑ ኣብ መዋእለ-ህጻናት ብዙሕ ዓመታት ክኸዱ ፍሉይ ኣገዳስነት ክህልዎ ይኽእል እዩ። ከምኡ ብምግባር እቲ ቆልዓ ቤት-ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማሩ ኖርወየኛ ጽቡቕ ጌሩ ክመሃሮ ይኽእል፡ ጎኒ ጎኑ ከኣ ቋንቋ-ኣደ ኣብ ገዝኡ ይመሃሮ። ቆልዑ ኣብ ሓደ ግዜ ብዙሕ ቋንቋታት ክመሃሩ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ብዙሕ ክፋላት ዓለምና ንቡር እዩ። ወለዲ ምስ ውላዶም ቋንቋ-ኣደ ክዛረቡ ኣገዳሲ እዩ፡ ግን ከኣ ስድራቤትን መዋእለ-ህጻናትን እቲ ቆልዓ ዝኽእሎም ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ከማዕብሎም ክድግፋዎ ኣገዳሲ እዩ። መዋእለ-ህጻናት ኣብ ምዕባለ ቋንቋ ልዑል ብቕዓት እዩ ዘለዎም። ቆልዑ ቋንቋ-ኣዲኦም ክጥቀሙ ክድግፋዎም ኣለዎም፡ ግን ጎኒ ጎኑ ከኣ ብቕዓት ቋንቋ ኖርወየኛ ናይቶም ቆልዑ ብንጥፈት ክሰርሑሉ ኣለዎም።

ብምሉኦም ቆልዑ ንኣብ መጻኢ ዝጽበዮም ዘሎ ትምህርቲ መዋእለ-ህጻናት ጽቡቕ መሰረት እዩ ዘንጽፈሎም። ኣብ ሕብረተ-ሰብ ኖርወይ ትምህርቲ ምምሃር ብጣዕሚ ልዑል ኣገዳስነት ዘለዎ ኮይኑ መብዛሕትኦም ሞያታት ድማ ልዕሊ 10 ዓመታት ትምህርቲ መባእታን ማእከላይ ደረጃን እዮም ዝሓቱ። ኩላቶም ብውሑዱ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ክውድኡ ዕድል ከምዝረኽቡ ምግባር ከም ዕላማ ተታሒዙ ዝስረሓሉ እዩ።

መዋእለ-ህጻናት ቆልዑ ዝጻወቱሉ፡ዝምዕብልሉን ዝድህስሱሉን ውሑስ ባይታ እዩ። ቆልዑ በቶም ኣብ መዋእለ-ህጻናት ዝድልቡዎም ሓባራዊ ተመኩሮታት፡ብድሆታትን ሕልፈታትን መብዛሕትኡ ግዜ ንመጻኢኦም ኣገዳሲ ዝኾነ ምሕዝነትን ማሕበራዊ መርበባትን ይምስርቱ እዮም። ብዙሓት ወለዲ ውን ብመገዲ መዋእለ-ህጻናት ማሕበራዊ መርበብ ይረኽቡ እዮም።

መዋእለ-ህጻናት ዝተፈላለዩ ቆልዑ፡ወለድን ሰራሕተኛታትን ዝራኸቡሉ ንእሽተይ ቁሸት ኮይኑ ብዙሓውነት ከም ጸጋ ዝረኣየሉ ቦታ እዩ ድማ። ብሕታውን ኮሙናውን መዋእለ-ህጻናት ሳንደፍዮርድ ሓባራዊ "መለክዒ ማዕረ ክብሪ ዘለዎ ዝተወደደ መደብ መዋእለ-ህጻናትን"(ሊንክ 3) ዝብል ኣዳልየን ኣለዋ። ኣብዚ ድማ ኩሎም ቆልዑን ስድራቤትን ከከም ዓቕምታቶምን ዘድልዮም ሓገዛትን ብኸመይ ክሕወሱ ከምዘለዎምን ኣብ ሕብረት መዋእለ-ህጻናት ብኸመይ ይሳተፉን ተገሊጹ ኣሎ፡ ከምኡውን እቲ ዝሳተፉዎን ዝሕወሱዎን ሕብረት ጽልዋ ከሕድሩሉ ዘለዎም ዕድላት ተገሊጹ ኣሎ።

ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ኩለን መዋእለ-ህጻናት ኖርወይ ከምቲ ኣብ ሃገራዊ ስርዓት ውጥን ተገሊጹ ዘሎ ሓባራዊ ክብርታት ኣለወን። ገለ ካብኡ ድማ ሎሚ ኣብ ሕብረተሰብና ንኽተሎም ደሞክራስያዊ ክብርታትን ልምድታትን ቆልዑ ንኽጽንበሩዎም ብምሉኣን መዋእለ-ህጻናት እጃመን ከበርክታ ኣለወን። ቀጺለን መዋእለ-ህጻናት ብዙሓት ዝተፈላለዩ ኣነባብራታትን ኣተሓሳስባታትን ከምዘለዉ ነቶም ቆልዑ እንዳ ኣርኣያ ብዙሓውነትን ክልተኣዊ ክብርታትን ከምዝድንፍዕ ክገብራ ኣለወን። ከምኡውን ጾታ፡ስንክልና፡ጾታዊ ዝንባለ፡ብሄር፡ማሕበራዊ ደረጃ፡ቋንቋን ሃይማኖትን ካልእን ብዘየገድስ መዋእለ-ህጻናት ማዕርነትን ማዕረ ክብሪ ንኩሉ ሰብን ከደንፍዓ ኣለወን። ከም ተወሳኺ ንዘላቒ ምዕባለ ዝምልከት ድማ ኣገዳሲ ዕማም ኣለወን፡ ቆልዑ ኣከባቢኦም ሎምን ንመጻኢ ወለዶታትን ምዕቃብ ክመሃሩ መዋእለ-ህጻናት እጃመን ከበርክታ ኣለወን። ምልከት ሂወትን ጥዕናን ውን ኣብ መሰረታዊ ክብርታት መዋእለ-ህጻናት እቱዋት ክኾኑ ኣለዎም። እዚ ማለት ቆልዑ ምቾት፡ ሓጎስ፡ምልከትን ናይ ገዛእ ርእሶም ክብረትን ከምዘለዎም ክስመዖም ክኽእል ኣለዎ። መዋእለ-ህጻናት ውሑስ ቦታ ካብ ምዃን ሓሊፉ ሕብረትን ምሕዝነትን ንኽህሉ ከተባብዕን ቆልዑ ንኸይድንደኑ ክከላኸልን ኣለዎ።

## 3. ምጅማርን ምልምማድን

ቆልዑ ኣብ መዋእለ-ህጻናት ጽቡቕ ምጅማር ክኾነሎምን ምስ ካልኦት ቆልዑን ዓበይትን ውሑስ ዝምድናታት ክህልዎምን መዋእለ-ህጻናት ሳንደፍዩርድ ልዑል ሚዛን እየን ዝህበኦ። ብዛዕባ ምጅማርን ምልምማድን ናብ ብዙሓት ቋንቋታት ዝተቶርጎመ ጽሑፋዊ ሓበሬታ ኣሎ(ሊንክ 4)። ገለ ካብቲ ኣብዚ ተጻሒፉ ዘሎ እዚ ዝስዕብ እዩ :

*«ኩሎም ቆልዑን ኣለይትን[2] ብዛዕባ መዋእለ-ህጻናት ጽቡቕ ሓበሬታ ክወሃቦም ኣሎዎ፡ ከምኡውን ነፍስ ወከፍ ስድራቤት ነቲ ቆልዓ ዝከታተሎ ተወካሲ ኣካል ይግበረሉ እዩ። ነፍስ ወከፍ ቆልዓ ቆላሕታ ክወሃቦን ክስማዕን ኣሎዎ፡ ከምኡውን ትሕዝቶ መደብ መዋእለ-ህጻናት ምስቲ ነቲ ቆልዓ ዘድልዮ ክዋደደሉ ኣሎዎ።»*

እቲ ቆልዓ ቅድሚ ምጅማሩ ብዙሓት መዋእለ-ህጻናት ንኽላለያን ጽቡቕ ሓበሬታ ንኽረኽባን ስድራቤታት መጺአን ክበጽሓ ይዕድማ እየን። ውላድካ ኣብ መዋእለ-ህጻናት ክጅምር ከሎ ንመጀመሪ ዝርርብ ክትዕደም ኢኻ። መዋእለ-ህጻናት ነቲ ቆልዓ ብዝተኻእለ መጠን ብዝበለጸ ኣገባብ ንክኽናኸኑዎ ድሕረ-ባይታ ናይቲ ቆልዓ፡ምዕባለኡን እንታይ የድልዮን ክፈልጡ ይደልዩ እዮም።

መዋእለ-ህጻናት ክጅምር ከሎ ወለዲ ምስ ውላዶም ክህልዉ ኣለዎም። ቆልዑ ክለማመዱ ዝወስደሎም ግዜ ካብ ቆልዓ ናብ ቆልዓ ይፈላለ እዩ። ገሊኦም ሰለስተ መዓልታት ይወስደሎም፡ገሊኦም ሰለስተ ሳምንታት ይወስደሎም። ዋሕስነት ንኽስመዓካ ዘድልየካ ግዜ ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ።

## 4. ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልቲ ኣብ መዋእለ-ህጻናት እንታይ ከምዝግበር

ኣብ መጀመርታ ብዛዕባ ተደጋጋሚ ኣሰራርሓን መደባትን መዋእለ-ህጻናት ክሕበረካ እዩ። መብዛሕትኦም መዋእለ-ህጻናት ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ካብ ሰዓት 07.00 ክሳብ 16.30 ዘሎ ግዜ ክፉታት እዮም፡ እንተኾነ ግና ርግጸኛ ንኽትከውን ኣብታ ውላድካ ዝኸደላ መዋእለ-ህጻናት ክንደይ ከምዝኾነ ርአ።እቲ ቆልዓ ንግሆ ኣብ መዋእለ-ህጻናት መዓስ የብጽሑዎ ከምኡውን መዓስ ይወስዱዎ ወለዲ እዮም ዝውስኑዎ፡ እንተኾነ ግና እቲ ቆልዓ እቲ መዓልታዊ መደብ ክፈልጦን ክለማመዶን ከምኡውን ምስቶም ካልኦት ቆልዑ ኣብ ንጥፈታት ክሳተፍን ጽቡቕ እዩ። መብዛሕትኦም መዋእለ-ህጻናት እቲ ቆልዓ ዶንግዩ ተባሂሉ ቅድሚ 09.30 ዘሎ ግዜ ክመጽእ እየን ዝደልዮኦ። እቲ ቆልዓ ከተብጽሑዎን ክትወስዱዎን ከለኹም ምስ ሓደ ሰራሕተኛ መዋእለ-ህጻናት ክትራኸቡ ኣለኩም። እቲ ቆልዓ ኣብ ገዝኡ እንተደኣ ውዒሉ መዋእለ-ህጻናት ኣብ ገዛ ክተርፍ ከምዝኾነ ክሕበሩ ኣለዎም፡ ከምኡውን ብጀካ እቶም ብቑጻሊ ነቲ ቆልዓ ዘምጽኡዎ ካልኦት ከምጽኡዎ እንተደኣ ኮይኖም መዋእለ-ህጻናት ክሕበሩ ኣለዎም።

ዝሓመሙ ቆልዑ ኣብ መዋእለ-ህጻናት ክህልዉ የብሎምን። እቲ ቆልዓ እንተደኣ ኣምሊሱ ወይ ውጽኣት ሒዙዎ ካብታ መወዳእታ ዘምልሰላ ወይ ውጽኣት ዘውጽኦ ብውሑዱ ድሕሪኡ 48 ሰዓታት ኣብ ገዛ ክጸንሕ ኣለዎ። ቆልዑ ረስኒ እንተደኣ ሒዙዎም ወይ ፓራሰት ምውሳድ ዘድልዮም እንተደኣ ኮይኑ ኣብ መዋእለ-ህጻናት ክህልዉ የብሎምን። ከምኡውን ብርቱዕ ኡሕታ ወይ ምልክታት ሕማም ስርዓተ-ምስትንፋስ እንተደኣ ተራእዩዎም ውን ኣብ ገዛ ክኾኑ ኣለዎም። ቆልዑ መዓስ ኣብ ገዛ ክኾኑ ከምዘለዎም ዝገልጽ ሃገራዊ መምርሒታት ኣለና(ሊንክ 5) ተወሳኺ ሓበሬታ እንተደኣ ኣድልዩካ ከይተሰከፍካ ንመዋእለ-ህጻናት ሕተቶም። ውላድካ ኣብ መዋእለ-ህጻናት ከሎ እንተደኣ ሓሚሙ መዋእለ-ህጻናት ክውከሱኻ እዮም፡ ሽዑ ድማ ውላድካ ብቕጥታ ከተምጽኦ ኣለካ።

ኣብ መዋእለ-ህጻናት ንመግቢ ምኽፋል ልሙድ እዩ( ናይ መግቢ ገንዘብ)። እቲ ዋጋ ካብ መዋእለ-ህጻናት ናብ መዋእለ-ህጻናት ይፈላለ እዩ፡ ማለት ከከምቲ ዝቐርቡዎ ዓይነት መግቢ። ኣብ መብዛሕትኦም መዋእለ-ህጻናት ቆልዑ ካብ ገዝኦም መግቢ ይማልኡ እዮም። መዋእለ-ህጻናት ኣብ ንጥዕናና ጽቡቕ ዝኾነ መግብታት ፍሩታን ኣሕምልትን ዝበዝሖን ሽኮር ዝወሓዶን መግብታት ልዑል ኣተኩሮ ይህቡዎ እዮም። እቲ ቆልዓ ዝኾነ ኣለርጂክ ወይ ዘይሰማምዖ መግቢ ምስዝህሉ ወይ ንዕኡ ብውልቂ ዘድልዮ ዓይነት መግቢ እንተሃልዩ ድማ መዋእለ-ህጻናት ክጅምር ከሎ ክትሕብረና ኣገዳሲ እዩ።

2 ኣለይቲ ክበሃል ከሎ ወለዲ ናይቲ ቆልዓ ወይ ነቲ ቆልዓ ናይ ምእላይ ሓላፍነት ዝስከሙ ሰባት ማለት እዩ። .

ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልቲ ኣብ መዋእለ-ህጻናት ኣብ ንኣሽቱን ዓበይትን ጉጅለታት፡ ኣብ ውሽጥን ደገን ብዙሓት ዝተፈላለዩ ንጥፈታት እዮም ዝካየዱ። ዓመት ምሉእ ከኣ ቆልዑ ኣብ ደገ ብዙሕ ግዜ ከሕልፉ ልሙድ እዩ። ኩነታት ኣየርን ምቑት ኣየርን ብዘየገድስ ጽሩይ ኣየር ምርካብን ኣብ ደገ ንጥፈታት ምክያድን ንባዕሉ ልዑል ሚዛን ኣሎዎ ኢልና ኢና ንኣምን፡ ከምኡውን ቆልዑ

ኣብ ደገ ስለዝጻወቱ ግድን እዮም ዝረስሑ። እዚ ኣብ መዋእለ-ህጻናት ኖርወይ ብፍሉይ ንገብሮ ስለዝኾነ ቆልዑ ምዚ ዝሰማማዕ ክዳውንቲ ግድን ክህልዎም ኣሎዎ(ሊንክ 6)። ኣብ መጀመርታ እቲ ቆልዓ እንታይ ዓይነት ክዳውንትን ኣቕሓን ከምዘድልዮ መዋእለ-ህጻናት ክሕብሩኹም እዮም። ቆልዑ ካብ ኣሕዋቶምን መሓዙቶምን ክዳውንቲ ክወርሱ፡ ከምኡውን ዘገልገለ ክዳውንቲ ምግዛእ ብጣዕሚ ልሙድ እዩ።

ኣብ ውሽጢ ውን ብዙሕ መሳጢ ንጥፈታት ንካየድ ኢና፡ ገለ ካብኡ ምስኣልን ካልእ ተበላሓትነት ዝሓትት ንጥፈታት ኮይኑ፡ ከምኡውን ዓው ኢልካ ምንባብ፡ሙዚቃን ዝተፈላለዩ ጻወታታትን ነካይድ ኢና። ኣብ መዋእለ-ህጻናት ውን ንጻወታ ብዙሕ ግዜ ኢና ንሓዝእ። እቲ ጻወታ ድማ ገሊኡ ብዓበይቲ ዝምራሕ ኮይኑ፡ገሊኡ ድማ ቆልዑ ከድልዮም ከሎ ብዓበይቲ እንዳተደገፉ ባዕሎም ይውድቡዎ። ቆልዑ ክጻወቱ ዘለዎም መሰል ኣብ ውዕል መሰል ቆልዑ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ተገሊጹ ኣሎ(ሊንክ 7)። ብጻወታ ምምሃር ኣብ መዋእለ-ህጻናት ኖርወይ ሓደ ኣገዳሲ መትከል እዩ። ቆልዑ ኣብ ደገን ውሽጥን ብምጽዋት ቋንቋዊ ብቕዓቶም የማዕብሉዎ እዮም። ካብዚ ሓሊፉ ጻወታ ብዛዕባ ባህርን ኣከባብን፡ ተክኖሎጂ፡ቁጽርታት፡ ቅጽን ቅርጽን ኣፍልጦ ከምዝድልቡ ይገብር እዩ። ከም ተወሳኺ ቆልዑ ኣብ መዋእለ-ህጻናት እዮም ማሕበራዊ ብቕዓቶም ዘማዕብሉዎ። እዚ ማለት ንካልኦት ምሕላይ፡ ምክፋል፡ንካልኦት ምስማዕን ኣብ ሓደ ጉጅለ ቦታኻ ምፍላጥን ከም ኣብነት ገለ ካብቲ ዝመሃሩዎ ነገራት እዩ።

ኣብ መዋእለ-ህጻናት ዝድቅሱ ቆልዑ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ደገ ኣብ ዓረብያ እዮም ዝድቅሱ። ቆልዑ ጽሩይ ኣየር ይጠቕሞም ስለዝኾነ ኣብ ዲጋ ዝያዳ ጽቡቕ ጌሮም ይድቅሱ በሃልቲ ኢና። ናሕስታት ዘለዎም ኣብ ገሊኡ ከኣ መናድቕ ዘለዎም ዝተዋደዱ ቦታታት ኣለዉ ኣብ መዋእለ-ህጻናት። ቆልዑ ክድቅሱ ከለዉ በቲ ንኽተሎ ተደጋጋሚ ኣሰራርሓ ጽቡቕ ጌርና ንሕልዎም ኢና። ቆልዑኣብ ደገ ክድቅሱ እንተኾይኖም ዓረብያ፡ኮቦርታን ካልእ ኣቕሓን የድልዮም እዩ። ወለዲ ባዕሎም ብቐጻሊ ነዝታት ክሓጽቡዎ ኣለዎም። እቲ ቆልዓ ኣብ ውሽጢ ክድቅስ እንተኾይኑ ድማ ወለዲ ምስቲ ጨንፈር መዋእለ-ህጻናት ክሰማምዑሉ ኣለዎም።

## 5. ኩሎም ወቕታት ናይ ሓደ ዓመት ኣብ መዋእለ-ህጻናት

ኣብ መዋእለ-ህጻናት እንታይ ዓይነት ንጥፈታት ነካይድ መብዛሕትኡ ብወቕትታትን ዓውደ-ኣዋርሕን እዩ ዝውሰን። ኣብ ቆራሪ ወቕቲ ሓጋይ ኣብ በረድ ወይ ኣብ እኩብ ማይ ኣብ ደገ ንጻወት፡ ኣብ ወቕቲ ጽድያ ከኣ ዝበቕሉ ኣታኽልትን ኣግራብን ንድህስስ፡ ኣብ ክረምቲ ድማ ንሕንብስ። ከም ተወሳኺ ሓንሳብ ሓንሳብ መናፈሻ፡ደምበ ሕርሻ፡ቤተ-መዘክርን ካልእ ቦታታት ብኣካል ከይድና ንበጽሕ ኢና። እዞም ኩሎም ንጥፈታት ብምክያድ ድማ መዋእለ-ህጻናት ነቶም ኣብ ሃገራዊ ስርዓተ ውጥን ሰፊሮም ዘለዎ ዓውደ-ፍልጠት ብዝተፈላለዩ መገድታት ይሰርሓሎም።

እቶም ኣብ ኖርወይ ንቡራት ዝበሃሉ በዓላትን ኣወደኣመታትን መዋእለ-ህጻናት ይዳለወሎም፡የብዕሎምን ይጽንብሎምን እዩ፡ ንኣብነት ኣፋሲካ፡17 ግንቦትን ልደትን ዝኣመሰሉ። ቀጺሉ መዓልቲ ናጽነት ሳማውያን 6 የካቲት፡ ከምኡውን መዓልቲ ሉሲያ 13 ታሕሳስ ምብዓል ውን ልሙድ እዩ። ከም ተወሳኺ ኣህጉራዊ መዓልታትን በዓላትን ከም ካርኒቫል፡ መዓልቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን መዓልቲ ቋንቋ-ኣደን ዝኣመሰሉ መዓልታት ምብዓል ውን ልሙድ እዩ።

ኣብ ሃገራዊ ስርዓተ ውጥን ከምዚ ዝብል ተጻሒፉ ኣሎ፡ " ኣብቲ መዋእለ-ህጻናት በቶም ቆልዑ ዝውከሉ ካብ ክርስትያናዊ ባህልን ካልእ እምነታትን ዝወረስናዮም በዓላትን ኣወደኣመታትን፡ ሰራሕተኛታት መዋእለ-ህጻናት ነቶም ቆልዑ ከፍልጡዎምን ከብዕሉሎምን ኣለዎም" ንኣብነት ኣብ ብዙሕ መዋእለ-ህጻናት መዓልቲ ሂንዱ ዲዋሊ፡ መዓልቲ ኩርዳውያን ነውሮዝን በዓል ኣመንቲ ምስልምን ዒድ ኣልፈጥር ይበዓል እዩ። ከምዚ ክንብል ከለና መዋእለ-ህጻናት ሃይማኖታዊ ትምህርትን ስብከትን ኣይኮነን ዘካይድ፡ ግን ናይ ክርስትያንን ካልኦት እምነታት በዓላት ንኽጽምበል እዩ። ቆልዑ መንነቶም ክፍለጡሎምን ክሕቶፉን ኣለዎም። ጎኒ ጎኑ ከኣ ቆልዑ ንካልኦት ናይ ምጽዋርን ምኽባርን ጠባይ ከማዕብሉ መዋእለ-ህጻናት እጃሞም ከበርክቱ ኣለዎም።

መዋእለ-ህጻናት መዓልቲ ዕለተ-ልደት ቆልዑ ውን የብዕላ እየን፡ ንኣብነት ደርፊ ብምድራፍ፡ ኣኽሊል ንጉስ ብምልባስን ባላንቺናታት ብምንፋሕን። ብዛዕባ እዚ ከይተሰከፍኩም ምስ መዋእለ-ህጻናት ተዘራረቡሉ።

## 6. ሰራሕተኛታት መዋእለ-ህጻናት

ኩለን መዋእለ-ህጻናት ኣማሓዳሪ(ሓላፊ)፡መምሃራን መዋእለ-ህጻናት፡ ሞያውያንን ተሓጋገዝትን ኣለወን። መዋእለ-ህጻናት ኣብ ጨንፈራት ወይ በይዛት ዝተከፋፈላ እየን፡ ገሊኣን ጨንፈራት ንኣሽቱ ቆልዑ ዘለወን(0-3 ዓመት)፡ ገሊኣን ድማ ዕብይ ዝበሉ ቆልዑ ዘለወን(3-5 ዓመት) እየን። ኣብ መዋእለ-ህጻናት ብውሑዱ ክንደይ ሰራሕተኛታት ክህልዉ ከምዘለዎም ብሕጊ ዝተቐይደ እዩ።

ንኣሽቱ ቆልዑ ዘለወን ጨንፈራት ብውሑዱ 7 ቆልዑ ሓደ ስነ-ምህሮኣዊ ሓላፊ ክህልዎም ኣሎዎ። ከም ተወሳኺ ብውሑዱ ንሰለስተ ቆልዑ ሓደ ሰራሕተኛ ክህሉ ኣለዎ። ኣብ ዕብይ ዝበሉ ቆልዑ ዝኸዱሉ ጨናፍራት መዋእለ-ህጻናት ድማ ብውሑዱ 14 ቆልዑ ሓደ ስነ-ምህሮኣዊ ሓላፊ ክህልዎም ኣሎ፡ ከምኡውን 6 ቆልዑ 1 ሰራሕተኛ ክህልዎም ኣሎዎ።

ኣብ መዋእለ-ህጻናት ብቕዓትን ትምህርትን ዘለዎም ሰራሕተኛታት እዮም ዝሰርሑ፡ እዚኦም ሰራሕተኛታት ብዝዕባ ቆልዑ ዘድልዮምን ምዕባለኦምን ልዑል ኣፍልጦ ኣለዎም፡ ማለት ኣካላውን ስነ-ልቦናውን፡ ከምኡውን ቋንቋውን ማሕበራውን ዘድልዮም ደገፋትን ምዕባለኦምን። እቶም ቆልዑ ኣብ ንኡስ ዕድሚኦም ከድልየኩም ከሎ ንሰራሕተኛታት መዋእለ-ህጻናት ከም ምንጭታት ሓበሬታን ኣማኽርትን ክትጥቀሙሎም ክጠቕመኩም ይኽእል እዩ።

ኩሎም ሰራሕተኛታት መዋእለ-ህጻናት ምስጢር ናይ ምዕቃብ ግዴታ ኣለዎም። እዚ ማለት ሓበሬታ ብዛዕባ ወለድን ቆልዑን ዘይምልከቶ ኣካል ክረኽቦ ኣይክእልን እዩ። ኣብ መዋእለ-ህጻናት ዝቘጸሩ ሰራሕተኛታት ቅድሚ ምጅማሮም ብቑዕ ገበናዊ ታሪኽ ፖሊስ ከረክቡ ኣለዎም።

## 7. ኣብ መንጎ ወለድን መዋእለ-ህጻናት ዝካየድ ምትሕብባር

ሓደ ቆልዓ ኣብ መዋእለ-ህጻናት ውን ክኸይድ ከሎ ምስ ኣደ፡ኣቦ ወይ ካልኦት ኣለይቲ ዘለዎ ዝምድና እዩ እቲ ቀንዲ ኣገዳሲ ዝምድና። መዋእለ-ህጻናት ምስ ስድራ-ቤት ናይቲ ቆልዓ ኣብ ክልተኣዊ ግሉጽነትን እምነትን ዝተሞርኮሰ ጥቡቕ ምትሕብባር ከካይዱ ኣለዎም። ምስ ወለዲ ዝካየድ ጥቡቕ ምትሕብባር ኣብ መዋእለ-ህጻናት ኖርወይ ካብ ብዙሓት ካልኦት ሃገራት ዝተፈልየ እዩ። ሰራሕተኛታትን ወለድን ኣርእስትታት እንዳ ኣልዓሉ ነንሕድሕዶም ክዘራረቡ ሓባራዊ ሓላፍነት ኣለዎም፡ ማለት መዓልታዊ ርክባት ብምክያድ ወይ ብምዝርራብን ብቆጸራ ብምርኻብን። መብዛሕትኦን መዋእለ-ህጻናት ብዲጂታላዊ መገዲ ይዘራረባ ወይ ሓበሬታ ይለዋወጣ እየን( ኢ-መይል፡«SPOR»፡ ኣፕሊከሽን)። መብዛሕትኡ እዚ ምርድዳእ ብኖርወየኛ እዩ ዝካየድ፡ ዝኾነ ነገር እንተዘይተረዲእኩም ከኣ ክትሓቱ ኣገዳሲ ይኸውን።

ኣብ ዓመት ወለዲ ብውሑዱ ክልተ ግዜ ንዝርርብ ወለዲ ይጽውዑ እዮም፡ ሽዑ ድማ ምስ ስነ-ምህሮኣዊ ሓላፊ ብምርኻብ ብዛዕባ ውላዶምን ብዛዕባ መዋእለ-ህጻናትን ይዘራረቡ። እንተደኣ ተሰማሚዕኩምሉ ድማ ካልኦት ሞየኛታት ውን ክሳተፉ ክንዕድሞም ንኽእል ኢና። ሓበሬታ ጽቡቕ ጌሩ ንኽመሓላለፍ ኣተርጓሚ ኣድላዪ ድዩ ኣይኮነን ንዝብል መዋእለ-ህጻናት ባዕሎም ኣተርጓሚ ኣድላዪ እንተደኣ ኮይኑ ክጠልቡ ክውስኑ ይኽእሉ እዮም።

ከም ተወሳኺ መዋእለ-ህጻናት ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ወለዲ ኣብ ሓባራዊ ኣኼባ ወለዲ ክሳተፉ ሓደ ግዜ ወይ ካብ ሓደ ግዜ ንላዕሊ ይጽውዖም እዩ። ወለዲ ክመጹ ትጽቢት ነሕድር ኢና፡ እዚ ኣኼባ ድማ ሰሓብን ደስ ዘብልን ሃዋሁው እዩ ዘለዎ። ኣብዚ ኣኼባ ድማ ክትፈልጦ ትደሊ ነገር ምስ ዝህሉ ሕቶታት ምሕታት ጸገም ዝበሃል የብሉን። ኣብዘም ኣኼባታት ድማ ምስ ካልኦት ወለዲ ክትላለ ትኽእል። ከም ተወሳኺ ብዙሓት መዋእለ-ህጻናት ወለዲ ናብ ቁርሲ ኣፋሲካ፡ ፌስታ ሳመርን ካልእን ክመጹ ይዕድማ እየን።

ኣብ መዋእለ-ህጻናት ዘለዉ ቆልዑ ወለዶም ብሓባር ሽማግለ ወለዲ ተባሂሎም ይጽውዑ። ሽማግለ ወለዲ ምስ ሰራሕተኛታት ጽቡቕ ምትሕብባር ንኽህሉ እጃሙ የበርክት፡ ከምኡውን ኣባላት ኮሚቴ ዕዮ ወለዲ ውን ይመርጹ( ኮሚቴ ዕዮ ወለዲ)፡ ከምኡውን ኣባላት ኮሚቴ ጉዳያት ምትሕብባር(ኮሚቴ ጉዳያት ምትሕብባር)። ወለዲ ኣብ መዋእለ-ህጻናት ዝግበሩ ነገራት ኣብ ምውሳን ዓቢ ተራ ክጻወቱ ዕድላት ይኽፈተሎም ምኺኑ ውን ንመዋእለ-ህጻናት ኖርወይ ካብ ናይ ካልኦት ብዙሓት ሃገራት ዝፈልዮ እዩ።

ኮሚቴ ዕዮ ወለዲ ካብ ኩለን ጨናፍራት ዝተዋጽኡ ኣለይቲ ዝሓዘለ ኮይኑ፡ ከም ኣብነት ንሰም ኣብ መንጎ ቆልዑ፡ስድራቤታትን ሰራሕተኛታትን ዝካየዱ ማሕበራዊ ርክባት ከዘጋጅዉ ይኽእሉ፡ ከም ተወሳኺ ድማ ምስ መዋእለ-ህጻናት ኣብ ካልእ መዳያት ዝካየዱ ምትሕብባራት ውን ከዘጋጅዉ ይኽእሉ። እዚ ጉጅለ እዚ ድማ ድማ ንትሕዝቶ መዋእለ-ህጻናት፡ ምትሕብባር ወለድን ዓመታዊ ውጥንን ዝምልከቱ ጉዳያት ይውስን።

## 8. ምስ ካልኦት ትካላት ዝካየድ ምትሕብባራት

መዋእለ-ህጻናት ምስ ብዙሓት ካልኦት ኣካላት ይተሓባበሩ እዮም፡ ንኣብነት ፐፐተ( ኣገልግሎት ስነ-ምህሮን ስነ-ልቦናን)፡ ማእከል ስድራ-ቤትን ኣገልግሎት ተሓላቕቲ ቆልዑን፡ ምእንታን ቆልዑ ከከምቲ ዘድልዮም ብዝተኻእለ መጠን ኣብ መዋእለ-ህጻናት ዝበለጸ

ኣተሓሕዛ ክረኽቡ ክበቕዑ። እዘን ኣካላት እዚአን ኣገልግሎታተን ክህባ ውሳኔታት ኣብ ዝውስናሉ ግዜ ምትሕብባር ዝያዳ ኣገዳስነት ይህልዎ፡ እንተኾነ ግና መዋእለ-ህጻናትን ኣለይትን ምኽርን ማዕዳን ንምርካብ ነዘን ኣካላት ክጥቀሙሉም ይኽእሉ እዮም።

ቆልዑ ኣብ ገዝኦም ብዝግበረሎም ኣተኣላልያ መዋእለ-ህጻናት ዝሻቐሉ እንተኾይኖም ድማ፡ ንኣብነት ንመግቢ፡ንጥዕና ወይ ጽሬት ዝምልከት ንተሓለቕቲ ቆልዑ ክሕብሩ ግዴታ ኣለዎም። እቲ ጉዳይ ምጽራይ የድልዮ ድዩ ኣየድልዮን መዋእለ-ህጻናት እዮም ዝውስኑ። ከምኡውን ቆልዑ ንስነ-ልቦናዊ ወይ ኣካላዊ ጎነጽ ወይ ድማ ጾታዊ ዓመጽ ይቃልዑ ኣለዉ ዝብል ሻቕሎት እንተኣሕዲሮም ውን ክሕብሩ ግዴታ ኣለዎም።

ኣብ ቅዋም § 104 (ሊንክ 8) ከምዚ ዝስዕብ ሰፊሩ ኣሎ፡ "ንቆልዑ ዝምልከቱ ተግባራትን ውሳኔታትን ክትግበሩ ከለዉ ነቲ ቆልዓ ዝሕሾ ዝለዓለ ሚዛን ክወሃቦ ኣሎዎ"። ሕጊ ውን ከምዚ ይብል "ሓደ ቆልዓ ንኽምዕብል ሰበ-ስልጣን ባይታ ከጣጥሑሉ ኣለዎም፡ እዚ ማለት ብቑዳምነት እቲ ቆልዓ ምስ ስድርኡ ከሎ ቁጠባዊ፡ማሕበራውን ጥዕናውን ዋሕስነት ከምዝረክብ ክግበር ኣለዎ።"

## 9. ምስግጋር ናብ ቤት-ትምህርቲ

ሓደ ቆልዓ ኣብ መዋእለ-ህጻናት ክጅምር ቦታ ምስተዋህበ ወለዲ ክሳብ ኣብቲ መዋእለ-ህጻናት የቋርጽ ክሳብ ዘይበሉ ክሳብ ቤት-ትምህርቲ ዝጅምር መዋእለ-ህጻናት ክኸይድ ይኽእል እዩ። ኣብ መዋእለ-ህጻናት እቶም ዝዓበዩ ቆልዑ "ጀማሮ ትምህርቲ" ኢልና ኢና ንጽውዖም።መዋእለ-ህጻናት እዞም ቆልዑ እኹል ኣፍልጦ ከምዝድልቡን እኹል ብድሆታት ከምረኽቡን ብምግባር ቤት-ትምህርቲ ንኽጅምሩ ጽቡቕ መሰረት የንጽፈሎም።

እቲ ቆልዓ መዋእለ-ህጻናት ቅድሚ ምውድኡ መዋእለ-ህጻናት ናብቲ ዝጅምረሉ ቤት-ትምህርቲ -ዝስደድ መሰጋገሪ ፎርም ይመልኡሉ እዮም። ኣብዚ ፎርም ቤት-ትምህርቲ ብዛዕባ እቲ ቆልዓ ገለ ክፈልጡዎ ዝደልዩዎ ሓበሬታ ኣሎ፡ ምእንታን ብዝተኻእለ መጠን ኣመሃህራ ናይቲ ቆልዓ ብዝበለጸ ኣገባብ ከዋድዱሉ። እዚ ፎርም ብፍቓድ ኣለይቲ እዩ ናብ ቤት-ትምህርቲ ዝስደድ ኮይኑ እቲ ቆልዓ ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማሩ ደረጅኡ ኣብቲ ፎርም ይግለጽ።

## 10. ተወሳኺ ሓበሬታ

ብዛዕባ ነፍስ ወከፍ መዋእለ-ህጻናት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ሕግታትን መደባትን ናይቲ መዋእለ-ህጻናት ኣሎ። ሰራሕተኛታት መዋእለ-ህጻናት ውን ክትሓቶም ትኽእል ኢኻ።

ኣብዘን ገዛት እዚአን ሓበሬታን ጽሑፋትን ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ኣሎ:

ኣርእስቲ ቋንቋ-ኣደ: https://www.morsmal.no/no/
መምሃሪ ማህደር ንዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዘለዎም : https://www.morsmal.no/no/tospraklig-materiell
ካብ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዘለወን ስድራቤታት ዝመጹ ቆልዑ:
https://www.morsmal.no/no/foreldresamarbeid/veiledning-til-foreldre/5135-informasjonsheftet-barn-i-flerspraklige-familier
ቤት-ንባብ ንዝትፈላለዩ ቋንቋታት ዝዛረቡ: https://dfb.nb.no/

**11. መወከሲታት**

1) ሕጊ መዋእለ-ህጻናት (ኖርወየኛ): https://lovdata.no/dokument/NL/lov/2005-06-17-64
2) ሃገራዊ ስርዓተ ውጥን (ኖርወየኛ): https://www.udir.no/laring-og-trivsel/rammeplan/
3) ሳንደፍዩርድ ኮሙነ: "መለክዒ ማዕረ ክብሪ ዘለዎ ዝተወዳደ መደብ መዋእለ-ህጻናት" (ኖርወየኛ): https://www.sandefjord.kommune.no/globalassets/oppvekst-og-kunnskap/ok-dokumenter/barnehagemyndigheten/standard-for-et-likeverdig-og-tilrettelagt-barnehagetilbud-i-sandefjord-kommune.pdf
4) ሳንደፍዩርድ ኮሙነ: ምጅማርን ምልምማድን ኣብ መዋእለ-ህጻናት (ብዙሓት ቋንቋታት). https://www.sandefjord.kommune.no/Skole-og-barnehage/Barnehage/information-in-other-languages/
5) ሃገራዊ ትካል ህዝባዊ ጥዕና : ቆልዑ መዓስ እዮም ኣብ ገዝኦም ክኾኑ ዘለዎም? (norsk): https://www.fhi.no/sv/barnehage/nar-ma-barnet-vare-hjemme-fra-barne/#naar-skal-barna-vaere-hjemme-fra-barnehagen
6) ኣብ ቆራሪ ወቕቲ ንቆልዑ ቅኑዕ ክዳውንቲ ምልባስ(ብዙሓት ቋንቋታት): https://morsmal.no/no/foreldre-norsk/2382-kle-barna-riktig-i-vinterkulda
7) ውዕል መሰል ቆልዑ ውድብ ሕቡራት ሃገራት (ኖርወየኛ) https://barneombudet.no/for-voksne/barnekonvensjonen/hele-barnekonvensjonen/
8) ቅዋም : https://lovdata.no/dokument/NL/lov/1814-05-17-nn (§104 ነቲ ቆልዓ ዝሕሾ )